# ዋጋ ሓዋርያ/ረድኢ ክርስቶስ ምኧን

ንባብ፡ ሉቃስ 14፡25-33፥ ማቴ 10፡37-38።

ሓዋርያ ክርስቶስ ምኧን ቀሊል ከምዘይኮነ ባዕሉ ክርስቶስ ዝበሎ ኣብ ወንጌል ሉቃስን ማቴዎስን ንረኽቦ። ኣብ ሉቃስ ዝነግሮ እንተ ረኣና ፍሉይ ነገር ኢና እንዕዘብ። ሉቃስ ኣብ ክልቲኡ ዝህቦ መግለጺ ኣኽራሪ ፍጹም ኣብቲ ዝብሎ ጸኒዑ ኣትሪሩ ዝገልጽ መልክዕ ኣለዎ። ብሓደ ወገን ጽንዑን ዘየማትእን ግድነታት ነቶም ኢየሱስ ክኸተልዎ ዝደልዩ ኽገብርዎ ዘለዎም ይነግር፥ ማዕረ ማዕሪኡ ኸኣ ከም ካልኦት ወንገላውያን ዝብልዎ ዘይኮነ ኢየሱስ ኣብ ልዕሊ እቶም ኃጢኣተኛታን ድኹማትን ዘለዎ ሓልዮትን ርሕራሐን ይገልጽ። ክልቲኡ ስእልታት ማዕረ ማዕረ ክሕለዉ ዘለዎም ብዝኾነ መገዲ ከም ተጻረርቲ ክርአዩ የብሎምን።

ኣብቲ ሉቃስ ኣብ 14፡25-33 ዘሎ መሰረት ገርና ሓደ ንኢየሱስ ዝስዕብ ክኸተሎን ክቕበሎን ዘለዎ ኣነጺሩ ይነግር። ኣብዚ ኣብ ግምት ክነእትዎ ዘሎና ሉቃስ ነዚ ወንጌል ክጽሕፍ እንከሎ ቤተ ክርስትያን እትሕልፎ ዝነበረት ስደት ሞት ማእሰርትን ብኹሉ ቅቡል ዘይምኧንን ክንሓስቦ ኣሎና። እቶም ኣብ ክርስትና ዝኣተዉ ዝነበሩ ገለ ብስድርኦም ሓዳሮም ደቆም ወይ ብመንግስቲ ብዙሕ መከራ ይወርዶም ነሩ ይንጸሉ ነሮም። ኣብ ስድራ ሓደ/ሓንቲ ክርስትያን እንተ ኾነ/ነት ዝወርዳ/ዶ መከራ ቀሊል ኣይነበረን ስድራኻ ወይ ንእምነት ኣብ ኢየሱስ ክትመርጽ ኣሎካ፥ ነዚ ከረድእ ሉቃስ ረድኢ ክርስቶስ ክትከውን ዝሓቶ ዋጋ ዘርዚሩ ይነግረና።

ማቴዎስ ወንጌላዊ እቲ ነብኡ ወይ ነዲኡ ካባይ ኣብሊጹ ዜፍቅር ንኣይ ኣይበቅዕን እዩ፥ ካባይ ንወደ ወይ ንጓሉ ኣብሊጹ ዘፍቅርውን ንኣይ ኣይበቅዕን እዩ፥ እቲ መስቀሉ ፀይሩ ደድኅረይ ዘይስዕብ ንኣይ ኣይበቅዕን እዩ (ማቴ 10፡37-38) እናበለ ብፍልይ ዝበለ መገዲ ንኢየሱስ ምስዓብ ዘኽፍሎ ዋጋ ይነግር።

ሉቃስ ነቲ ዝብሎ ኣጸቢቑ ከብርህ ኢሉ ኢየሱስ ብዙሕ ሕዝቢ ይስዕቦ ምስ ረአየ ናባይ ዚመጽእ እንተሎ እሞ ኣቡኡን ኣዲኡን ሰበይቱን ደቁን ኣኅዋቱን ኣኃቱን፥ ሕይወቱ ኽይተረፈትውን እንተ ዘይጸልእ ወደ መዝሙረይ ኪኸውን ኣይክእልን እዩ ከም ዝምዝበለ ይነግርና። መስቀል ፀይሩ ደድኅረይ ዘይስዕብ ዘበለ ወደ መዝሙረይ ኪኸውን ኣይክእልን እዩ ኢልዎም።እንታይ እዩ እዚ ትምህርቲ ብኸመይ ክንርድኦ ንኽእል? ዘይጸልእ ክብል እንከሎ እንታይ እዩ ዘስምዕ?

ቅድሚ ኣብ ዝርዝር ምእታውና ኢየሱስ ነዚ ክብል እንከሎ ኣብ ጉዕዞ ኣብ መገዲ ንኢየሩሳሌም እዩ ነሩ። ንሱ ኣብ መስቀል ገጹ ይኸይድ ከም ዝነበረ ይፈልጥ ነሩ፥ እቶም ምስኡ ዝኸዱ ዝነበሩ ህዝቢ ግን መንግስትነት ክተክል ዝኸይድ ዘሎ ይመስሎም ነሩ። በዚ ምኽንያቱ እዩ ረድኡ ክኸውን ዝደሊ ነዚ ዝበሎ ዝገብር ክኸውን ኣለዎ። ብኻልእ ኣዘራርባ ነቶም ዝስዕብዎ ዝነበሩ ዝጉዓዝዎ ዘለዉ ስልጣን ወይ ዓለማዊ ክብሪ ክረኽቡ ከምዘይኮኑ እንታይ ድአ ነቲ ኣብ ሕይወት ብዝያዳ እንፈትዎ ወይ እንቐርቦ ክንሓድጉ ክጸልኡ እውን ቀሩባት ክኾኑ፥ ንመስዋዕቲ ከምቲ ኣብ መስቀል ዝተሰቕለ ዝረኽቦ ስቓይ ቅሩባት ክኾኑ ኽገልጸሎም ኢሉ እዩ።

ነዚ ቃላት ኣቃሊልና ወይ እውን ዘይትርጉሙ ሂብና ክንርእዮ የብልናን። ኣብ ቋንቋ ማእከላይ ምስራቕ ኩሉ ጊዜ ነገራት ኣብቲ ዝገልጽዎን ኣብ ውሽጢ ዘስምዖ ትርጉም ዝፈላለዩ ኮይኖም ክርአ ይክኣል እዩ። ኢየሱስ ንመቕርብናን ንእነፍቅሮምን ክንጸልእ ክሓተና እንከሎ ቃል ንቓሉ ክንወስዶ የብልናን። ንሱ ነዚ ክብል እንከሎ ኣብ ኣምላኽ ዘሎና ፍቕሪ ኣብዚ እንነብሮ ሕይወት ክወዳደሮ ወይ ልዕሊኡ ክንርእዮ ዘሎና የብልናን ማለቱ እዩ።

ብሓቂ ክንርእዮ ከሎና እዚ ኢየሱስ ዝሓቶ ዘሎ ዘፍርሕ እዩ፥ ብፍላይ ንሓደ ሕብረተሰብ ኩሉ ነገሩ ምስ ስድራኡ ወገኑ ዓዱ ሕብረተሰብ ጥቡቕ ርክብን ባህልን ዝሓዘ ሕይወትን ዘለዎ። ሉቃስ ወንጌላዊ እዩ ወላ ሰበይቲ ዝሕውሰሉ ክትሕደግ ዘለዋ፥ እዚ ኹሉ ኣብ ኢየሱስ ዘሎና ምሉእ ብምሉእ ተወፋይነት ወይ እምነት ንምግላጽ እዩ።

ኣብዚ ክልተ መግለጺ ክንገብር ኣሎና፡

1. ከም ዝተባህለ ዘይጸልእ ዝብል ቃል ሰማዊ ኣገላልጻ ዘልኦ ስለ ዝኾነ ከምዘሎ ቃል ንቓሉ ክንወስዶ የብልናን። ትምህርቲ ኢየሱስ ብምልኡ ኣብ ፍቕሪ ዘተኮረ ስለ ዝኾነ ምስ መቕርብና ዘይኮነስ ንዝኾነ ሰብ ክነፍቅር ኣሎና። ብኻልእ ኣዘራርባ ዝኾነ ሰብ ንዝኾነ ሰብ ወላ መቕርብ ይኹን ልዕሊ ትእዛዝ ክርስቶስን ተልእኮኡን ዝርኢ ረድኢ ወይ ሓዋርያ ክኸውን ቅሩብ ኣይኮነን። ኣብዚ ዝኾነ ልዝብ ወይ ዘተ የለን፥ ከምኡ ምግባር ወይ ወላ ሓንቲ ዘይምግባር እዩ።
2. ኢየሱስ ቃል ንቓሉ ንመቕርብና ክንሓድግ ኣይ ኮነን ዝሓተና ዘሎ። ከምኡ እንተ ኾነ ዘይሓላፍነታውን ንትእዛዝ ፍቕሪ ዘፍርስ ክኸውን እዩ። ትምህርቱ ግን ንጹር እዩ ነቶም ኣባላት ኣብ ስርሕ ኢየሱስ ክኾኑ ዝደልዩ ንገዛእ ርእሶም ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ኩነት ክህቡ ኣለዎም።

ክርስትና በዚ ትምህርቲ ክርአ እንከሎ ኣማታኢ ዘይብሉ ኩሉ ክግበር ዘልኦ ክግበር ዝሓትት እዩ፥ ኣብዚ ኢየሱስ ኣብጻሕቲ መልእኽቱ ክኾኑ እንተ ኾይኖም ነገራት ዝጽበይዎም ክኾኑ ክጽበዩ የብሎምን ነቲ ዘይጽበይዎ እዮም ዝተሰናደዉ ክኾኑ ዝግባእ።

ኢየሱስ ነቶም ዝሰምዕዎ ዝነበሩ ህዝቢ እዚ ክሰምዑ ጠቓሚ እዩ ነሩ።ንኢየሱስ ምስዓብ ከም ክዕሶ እግሪ ዝፈትዉ ነቶም ዝድግፍዎም ነቶም ብዝያዳ ዘድንቕዎ ዝዛረብዎ ወይ ዝፈትውዋ ጋንታ ዘለዎም ኣድንቕ ኣይኮነን። እትኸፍሎ ዋጋ ኣለዎ እቶም ዝስዕብዎ ኸአ ነቲ ዝኸፍልዎ እንታይ ከምዝኾነ ይፈልጥዎ እዮም። እቲ ዋጋ መስቀል፥ ስቓይን ከምኡ መስዋዕቲ ገዛእ ርእስኻ፥ እዚ ኸአ ነፍሲ ወከፍ ምእንቲ ወንጌልን ህንጻት መንግስቲ ኣምላኽን ኢሉ ክቕረበሉን መዓልቲ መዓልቲ ክነብሮ ዘለዎን እዩ።

ክስዕበኒ ዝደሊ መስቀሉ ፀሩ ይስዓበኒ ይብል። ኣብ ጊዜ ኢየሱስ ዝነበሩ ኣይሁድ መስቀል ምጻር እንታይ ከም ዝኾነ ጽቡቕ ገሮም ይፈልጡ ነሮም እዮም። ቫሩስ ዝተባህለ ሮማዊ ጀነራል ነቶም ናዕቢ ዘለዓዓሉ ኣይሁድ ካብ ገሊላ 2000 ዝኾኑ ብጭካኔ ኣብ ገሊላ ኣብ ዘፈር መገዲ ኩሉ ርእይዎም ክስካሕክሕ ምእንቲ ሰቒልዎም። ኣብ ጥንቲ ዘመን ገበነኛ መስቀሉ ጸሩ ክሳብ ኣብቲ ዝስቀለሉ ቦታ ጸርዎ ኩሉ ህዝቢ እናረአዮ ይጉዓዝ ከም ዝነበረ ኩሎም ዝፈልጥዎ ልሙድ መቕጻዕቲ እዩ ነሩ። ኢየሱስ ነቶም ነዚ ኹሉ ስቓይን ኣብ መስቀል ሞትን ዝርአዩን ዝፈልጡን እዩ መስቀልኩም ጸርኩም ስዓቡኒ ዝበሎም። ክቕበልዎ ክኣምንዎ ብሓቂ ከቢድ።እቲ ዘገርም ግን መጀመርያ ንሱ ባዕሉ ኣብ ግብሪ ከም ዝክኣል ኣርእይዎም።

ኢየሱስ ነዚ ከቢድ ነገር ከረድኦ ኢሉ ክልተ ምሳሌታት የቕርበሎም። እቲ ቀዳማይ ሰብ ገዛ ክሰርሕ ዝሓሰበ፥ ግን ቅድሚ ምስርሑ ኩሉ ዘድልዮ ነገራት አጽፊፉ ምስ ቀረበ ከም ዝጅምር እንተ ዘይኮነ አብ ፍርቂ ከይወድኦ እንተ ሓደገ ሰባት ጀሚሩ ክውድኦ አይክአለን እናበሉ ከም ዘላገጹሉ ዝነግር ክኸውን እንከሎ፥እቲ ካልአይ ብዛዕባ ሓደ ንጉሥ 10000 ወተሃደር ዘለዎ ምስ 20000 ዘለዎ ክዋጋእ ዝቕረብ ይነግር። ከምዘይስዕር ምስ አረጋገጸ ንመቕናቕንቱ መንጎኛታት ሰዲዱ ዕርቂ ይልምን፥ ከምኡ ድማ ነፍሲ ወከፍ ካባኹም ዘለዎ ዘበለ ኹሉ ዘይኃድገ ወደ መዝሙረይ ኪኸውን አይክእልን እዩ። ስለዚ ረድኢ ኢየሱስ ክትከውን ነቲ እትፈትዎ ነገር እናደለኻዮ ምሕዳግ እዩ።

ንኢየሱስ ምስዓብ ፍጹምን ዝኾነ ቅድመ ኩነት ዘይብሉ ክኸውን አለዎ። ክንደይ ካብቶም ዝስዕብዎ ዝነበሩ እዮም ነዚ ኸገብሩ ቅሩባት ዝነበሩ? ክንደይ ካባና እዮም ሎሚ ነዚ ነገር ኸገብሩ ቅሩባት? አነኸ ቅሩብ ዘሎኹ? አየኖት እዮም እቶም አነ ጠቢቐ ሕዘዮም ካብኦም ክፍለ ዘይክአልኩ ዘሎኹ? አየኖት ነገራት እዮም ካባይ ክፍለዩ ዘይደልዮም? ስለምንታይከ ዘይሓድጎም?

ረድኢ ኢየሱስ ምዃን ማለት ነጻ ምዃን ማለት እዩ። ነዚ አብነት ዝኾነና ፍራንቸስኮስ ብዓል አሲዚ እዩ፥ ንስድርኡ ሓዲጉ ኩሉ ዝነበሮ ሓዲጉ ከም ማን ድኻ ለማናይ ምዃን መሪጹ፥ ከምኡ ምስ ገበረ ምሉእ ሓጎስን ናጽነትን ጨቢጡ። ናይ ኢየሱስ ረድኢ ክኸውን እደሊ ዘሎኹ? ክሳብ ክንደናይ እየ ክኸውን ዝደሊ? ነቲ ዝሓቶ ዋጋ ክኸፍልከ ስንድው ድየ።

እቲ ሓቂ ዘይመስል ግን ሓቂ ዝኾነ ሓንሳብ ነቲ ዋጋ ምስ ከፈልክዎ አምሳያኡ ዕጽፊ ክኽፈል እየ። ከም ኩሎም ቅዱሳን ከም ቅ. ፍናንቸስኮስ፥ ቅ. ተረዛ ብዓልቲ ካልካታ ወዘተ።

እቶም ብሓቂ ዓበይቲ ዝብሃሉ እቶም ብእምነት ዝተጓዕዙ አስማቶም አብ ናይ ክብሪ መዝገብ ዝተመዝገበ፥ ኩሉ ዝገብርዎ ጽቡቕ ገሮም ዝፈልጡ እዮም። አብ ቅድሚኦም ክልተ ንጹር ነገር አሎ ነቲ ቅኑዕ መሪር ክትቅበሎ ምቕባል ወይ ከአ ካብኡ ምህዳም። ብዙሓት ነቲ ሓቂ ይቕበሉ ብስንኩ ኸአ ውርደት ሞት ይበጽሖም። ክርስትያን ግላዊ ስምዒቱ ዘቃልልን ምቾት ዝፈጥረሉ ንጎኒ ዝሓድግ፥ ንኹሉ ሕልምታት ንጎኒ ዝሓድግ፥ ንድለቱ ንስምዒቱ ሓዲጉ መስዋዕቲ ዝገብር እዩ።ኩልና ተኸተልቲ ክርስቶስ ነቲ ክርስቶስ ዝገበሮ ኽንገብር አሎና፥ ርእስኻ ምኽሓድ ንኹሉ ነቲ ካብ ክርስቶስ ዝፈልየካ ምሕዳግ። አብ ክርስትና ኩሉ ጊዜ ገለ መሳቕል አሎ፥ በዚ ኸአ ናይ መስቀል እምነት ክብሃል ይክአል።

አብ ማቴ 10፡39 ንሕይወቱ ዘረኽባ ኬጥፍአ እዩ፥ ንሕይወቱ ምእንታይ ዜጥፍአ ኸአ ኪረኽባ እዩ ይብል። ቃል ንቓሉ ደጋጊምና እንተ ረአናዮ እዚ ሓቂ እዩ። ሰባት አብ ታሪኽ እንተ ረአና ብዙሓት ንነፍሶም ከድሕኑ ኢሎም እንተ ዘይሞቱ አይምሃለዉን ምእንተ ነፍሶም ስለ ዝሞቱ አለዉ። ግሪኻዊ ፍላስፋ ኤፒክተቱስ ዝተባህለ ብዛዕባ ሶቅራጠስ ከምዚ ይብል ብምማቱ ድሒኑ ምኽንያቱ አይሞተን። ሶቅራጠስ ብቐሊል ንነፍሱ ከድሕን ምኽአለ ግን ከምኡ ገሩ እንተ ዝኸውን እቲ ሓቀኛ ሶቅራጠስ ምሞተ ነሩ፥ ወላ ሓደ ኸአ ብዛዕብኡ አይምሰምዐን። ንሓቂ ንጽቡቕ ኢልና ክንስዋዕ እንከሎና ወላ እንተ ሞትና ነበርቲ ኢና። ሰብ አብ ክንዲ ነፍሱ እንታይ ዘይምሃበ።

ክልተ ዝቐርቡ ሓቅታት አለዉ አብዚ ክንርእዮም ዘሎና።

1. ሓዋርያ ከይኮንካ ተኸታሊ ክርስቶስ ክትከውን ይክአል እዩ። ኣብ መዓስከር ወተሃደራት ክትህሉ ይክኣል እዩ፥ ግን ናይ ንጉሥ ወተሃደር ከይኮንካ። ኣብ ዓበይቲ ስርሓት ክትሳተፍ ትኽእል ኢኻ ነቲ ቀንዲ ክበድ ስራሕ ከይገበርካ። ሓደ እዋን ሓደ ሰብ ኣብሓደ ዓቢ መምህር ከይዱ ብዛዕባ ሓደ መንእሰይ ክሓቶ ደልዩ። ከምዚ ኸአ ኢልዎ እገለ ሓደ ካብ ተመሃሮኻ ከም ዝኾነ ነጊሩኒ ኢልዎ እቲ መምህር ከምዚ እናበለ መሊስሉ ብርግጽ ኣብ ዝህቦ ኣስተምህሮ ተኻፊሉ ክኸውን ይኽእል እዩ ፥ ግን ሓደ ካብ ተመሃሮይ ኣይ ኮነን ኢልዎ። ብስም ቤተ ክርስትያን ኣቶኻ ጸሊኻ ማለት ኣይኮነን፥ ሰባት ዝመስልዎን ዝገብርዎን ክፈላለ ይክኣል እዩ። ሓደ ካብቲ ንቤተ ክርስትያን ከቢድዋ ዘሎ ብዙሓት ናይ ማዕዶ ተኸተልቲ ኣብ ቍምስናታት ኣባላት ኢና ዝብሉ ብማዕዶ ክርስትያን ኢና ዝብሉ ግን ናይ ሓቂ ተኸተልቲ ኣመንቲ ውሑዳት እዮም።
2. ናይ ሓደ ክርስትያን ቀዳመይቲ ሓላፍነቱ ዋጋ ተከታሊ ክርስቶስ እንታይ ምዃኑ ክፈልጥ ዘለዎ። ክርስትያን ብኹሉ ዝዕዘብ እሞ ነቲ ጽቡቕን ሕማቕን ርእዩ ዘመዓራሪ እዩ፥ ሰረቕቲ ነቲ ሓቀኛ መገዲ እምነት ዘይመልክዑ ከየትሕዝዎ ዝከታተል ብሓቂ ዝኣምን፥ ንኹሉ ብምስትውዓልን ዝኽፈሎ ዋጋ ርእዩ ዝኽእል እዩ። ንኣብነት ቃል ኪዳን ንዝኣስሩ እቲ ዝቕርቦም ቃል ኪዳን ብቐሊል ዝእቶ ወይ ብዙሕ ከየስተውዓልካ ዝእቶ ኣይኮነን ክትሓስበሉ ዘሎካ ክቡር ጉዳይ ፍርሃት ኣምላኽ ገርካ ዝእቶ ክኸውን ይግባእ።ንነገራት ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮም መሪሕካ ምክያድ የድሊ።

ኣብ ክርስትያናዊ ሕይወት ከአ ከምኡ እዩ። ምናልባት በቲ ኢየሱስ ዝበሎ ፍርሕን ስክፍታን ፈጢሩልና እንተ ኾይኑ ንበይንና ባዕልና ጥራሕ እንገብሮ ከምዘይኮና ክንፈልጥ ኣሎና። እቲ ኣብ ጸቢብ መገዲ ዝወሰደና ባዕሉ ምሳና እናተጓዕዘ ከመርሓና እዩ።

እምብአር ንኢየሱስ ክርስቶስ መድኃኒና ብኹሉ ክንስዕቦ ክንምስክሮ ይግባእ። ንሓቂ ኢልና ክሳብ ሞት ክንበጽሕ ይግባእ። መቐረት ዓለምና ቀይሩ ዘሎ ክርስያን ንእምነትና ክነብሮ ክንምስክሮ ስለ ዘይክአልና እዩ። ቀለዓለም ዝበዝሖ ክርስትያናዊ ሕይወት ንጸልማትን ሞትን ዘቃልዕ እዩ። ምስ ማርያም ኮና እሙናት ኣድድእትኻ ክንከውን ዕለት ዕለት መስቀልና ክንጸውር ብጸጋኻ ኣይትፈለየና ንበሎ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ